# ናይ ህጹጽ ቕልጡፍ ስጉምቲ መወከሲኻ ምርዳእ

## ቕልጡፍ ስጉምቲ ቖጸራ ንምንታይ የድልየኒ?

ቖንዲ ኣቕራቢ ክንክንካ ሓኪምካ ንምልክታት ሕማምካ ተወሳኺ ምርምር ንምግባር ቅልጡፍ ስጉምቲ መወከሲ ከም ዘድልየካ ወሲኑ ኣሎ።

ምልክታት ሕማምካ ብእተፈላለዩ ከም መንሽሮ ከጠቓልል ዝኽእል ሕማማት ክምጽእ ስለ ዝኽእል ፣ ቀልጢፍካ ክትርአ ንዓኻ ኣገዳሲ እዩ። መንሽሮ ኣቐዲሙ ምስ ዝፍለጥ ዕዉት ሕክምና ናይ ምርካብ ኣጋጣሚ ይዛይድ።

## ዘክር...

ዋላ'ኳ ንናይ ቕልጡፍ ስጉምቲ ምርመራ ክትገብር እንተ ተሰደድካ ፣ እዚ መንሽሮ ኣለካ ማለት ከም ዘይኰነ ክትዝክር ኣለካ። መብዛሕትኦም ንናይ ቕልጡፍ ስጉምቲ ቖጸራ ዝለኣኹ ሰባት መንሽሮ የብሎምን።
ናትካ GP ቀልጢፍካ ንኽትርአ ጠሊቡ ኣሎ። ብኽብረትካ ተዓጻጸፊ ክትከውንን ኣብቲ እቲ ሆስፒታል ዝገበረልካ ቈጸራ ክትመጽእ ጽዓር።

## ቐጺሉ እንታይ ከጋጥም እዩ?

- ናትካ GP ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ምልክታት ሕማምካ ናብቲ ሆስፒታል ክሰድድ ኢዩ። ክኢላ መጥባሕቲ GP ቕኑዕ ናይ መዓልቲ ቍጽሪ ተሌፎን (ናይ መስመር ወይ ሞባይል) ከም ዘለዎ ኣረጋግጽ
- እቲ ሆስፒታል ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልትታት ቈጸራ ንምሃብ ክረኽበካ ኣለዎ። እቲ ቈጸራ ንመርመራ ንምግባር (ንኣብነት ስካን) ወይ ናብ ካልኣይ ደረጃ ሓኪም ንምቕራብ ክኸውን ይኽእል። ቈጸራኻ ንኽሰርዑ ካብ ኣብቲ ሆስፒታል ዘለዉ ሰራሕተኛታት ይ ተሌፎን ደወል ወይ ናይ ሞባይል መልእኽቲ ክትጽበ ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልትታት እንተ ዘይተረኽብናካ ፣ ብኽብረትካ ናብቲ እተለኣኽካዮ ሆስፒታል ደዊልካ ኣብ ቕልጡፍ ስጉምቲ ቖጸራ ዝርከብ ሰብ ኣዘራርቦ።

| **ዝርዝር ኣድራሻ** | **ናብ ዝተለኣኽካዮ** |
|---|---|
| **North Bristol Trust: Southmead Hospital**<br>2WW fast track team on 0117 414 0538 | |
| **University Hospitals Bristol and Weston: Bristol ቦታታት**<br>መወከሲ ንናይ ቖርበት ቈስልታት ፥ 0117 342 3277.<br>ኩሎም ካልኦት መወከሲታት ፥ 0117 342 7641, 0117 342 7642, 0117 342 7643, 0117 342 7644.<br>መቖበሊት ማሽን ምስ ትቕበለካ ብኽብረትካ ስምካ ፣ ዕለት ልደትካን ቍጽሪ ተሌፎንካን ምስ ሓጺር መልእኽቲ ግደፍ። | |
| **University Hospitals Bristol and Weston: Weston General Hospital**<br>2WW ቕልጡፍ ስጉምቲ ጉጅለ ኣብ 01934 647227 | |

- ንምሳኻ ዝነብሩ ዘለዉ ሰባት ደወል ናይ ተሌፎን ትጽበ ከም ዘለኻ ምንጋሮም ሓጋዚ እዩ። ሰራሕተኛታት ናይ ሆስፒታል ክሳብ ስድራቤትካ ካብ ሆስፒታል ዝተደወለ ናባኻ ከመሓላልፍዎ ፍቓድካ ዘይሃብካና ብዛዕባ ቆጸራኻ ምስ ካልኦት ሰባት ክዛረቡ ኣይፍቐደሎምን እዩ።
- ብዛዕባ ዕለትን ሰዓትን ናይ ቈጸራኻ እትገልጽ ደብዳበ እውን ክትቅበል ኣለካ ፣ ስለዚ ተሌፎን ክትቕበል እንተ-ዘይክኢልካ ኣይትሻቐል። ብመሰረት ብሓኪም ዝተውሃበካ ሓበሬታ ፣ እቲ ቈጸራ ኣብ ናይ ደገ ክፍሊ መርኣዩ ሕሙማት ናብ ሓደ ክኢላ ንኽትረአ ፣ ወይ ሓደሓደ መርመራ ንከተካይድ ፣ ወይ ክልቲኡ እቲ ንዓኻ ዝበቅዕ ክኸውን እዩ።
- ናብ ዝኾነ ናይ ሕክምና ቖጸራ ኣባላት ስድራቤትካ ወይ መሓዛኻ ክትማላእ ትኽእል ኢኻ።

## ኣብቲ ሆስቲታል እንታይ ከጋጥም እዩ?

ቈጸራኻ ንምኽሪ ወይ ንመርመራ ፣ ንዓኻ ብዉሑስን ቅልጥፉን መንገዲ ክሕግዘካ ዝኽእል ንዓኻ ቕኑዕ ዝኾነ ፣ ክኸዉን ይኽእል እዩ። ንመርመራ ምስ ዝኸዉን እንታይ ክትጽበ ከም ዘለካን ክትዳለወሉ ዘለካን ነገራት ብዝርዝር ክለኣኸልካ እዩ ፣ ሓደ ሰብ ምሳኻ ናብ ቈጸራ ከተምጽኦ ትኽእል ኢኻ።
ነቲ ክኢላ ንመጀመርታ ግዜ ክትረኽቦ ከለኻ ሕቶታት ክትሓትትን ነቶም መልስታት ክትጽሕፎም ትኽእል ኢኻ ፥

- ካልእ ምርመራ የድልየኒ ድዩ? የድልየኒ ምስ ዝኸዉን ፣ እንታይ ዓይነት ምርመራታት የድልየኒ?
- ኣብ ሆስፒታል ክጸንሕ የድልየኒ ድዩ?
- ናብቲ መርመራ ዝኾነ ሰብ ምሳይ ክመጽእ ይኽእል ድዩ?
- ዉጺኢት ናይቲ መርመራ መዓስ ክፈልጥ እየ?
- ዉጺኢት ናይቲ መርመራ መን እዩ ክነግረኒ?
- ቐጺሉ እንታይ ከጋጥም እዩ?

## ንመርመራ እንዳተጸበኻ ብጥዕና ምጽናሕ

ንመርመራን ሕክምና ናይ መንሽሮ ኣብ እትጽበየሉ ግዜ እዚ ዘጨንቕ እን ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ጥዑይ ኣነባብራ ናይ NHS ምኽሪ ብምስዓብ ፣ እንተላይ ዝተመጣጠነ መግቢ ምብላዕ ፣ ሽጋራ ምትካኽ ምቁራጽ ከምኡዉን ዉሑድ መስተ ብምስታይ ጥዑይ ኮንካ ክትጽበ ትኽእል ኢኻ። ጥዑያት ለዉጥታት ብንኣሽቱ ለዉጥታት እዮም ዝጅመሩ።

ንዝያዳ ደገፍ ነዚ ሊንክ ስዓቦ
https://www.nhs.uk/better-health/

ዝያዳ ንጡፍ ንሙኳን ደገፍ ንምርካብ ነዛ ሊንክ ስዓባ
https://www.nhs.uk/better-health/get-active/

ሞራልካ ከተላዕለሉ እትኽእለሉ ቐለልቲ መንገድታት ብ Every Mind Matters ክትረክብ ትኽእል ኢኻ
https://www.nhs.uk/every-mind-matters/